# ጉባኤ ማሕበር ልምዓት ትግራይ ጨንፈር እንግሊዝ

**ጉ**ባኤ ማሕበር ልምዓት ትግራይ ጨንፈር እንግሊዝ ብዕለት 29 ጁላይ 2006 ኣብ ከተማ ለንደን ብዓወት ተዛዚሙ::

ናይ ማ.ል.ት ዓለምለኸ ፈፃሚ ዳይሬክተር ኣምባሳደር ተወልደ ገብሩ ኣብቲ ጉባኤ ተረኺቦም፣ ብዛዕባ ህልው ኩነታት ልምዓት ዓድናን ሓፈሻዊ ምንቅስቓስ ማ.ል.ትን ሓበሬታን መግለፅን ሂቦም::



በቲ ቀሪቡ ዝነበረ ኣጀንዳ መሰረት፣ ኣብ ዝሓለፉ ክልተ ዓመታት ብማ.ል.ት ጨንፈር እንግሊዝ ዝተሰርሐ ስራሕቲ፣ ዝተገብረ ምንቅስቓስ፣ ናይ ሒሳብ ፀብፃብን ከምኡ'ውን ብናይ ውሽጢ ተቖፃፀርቲ ናይ ዝሓለፈ ስራሕቲ ዝዳህሰሰን ንብድሕሪ ሐዚ ክስተኻኸሉ ዘለዎም ነገራትን ዝሕብር ፀብፃብ ቀሪቡ::





**እቲ ጉባኤተኛ ብዛዕባ ማ.ል.ት ህልዊ ኩነታት ድሕሪ ምምያጥ፣ ኣብዝቕፅል ዓመት ንማ.ል.ት ጨንፈር እንግሊዝ ዝመርሕ ሓሙሽተ ኣባላት ዝሓቖፈ ኣመራርሓን ከምኡ'ውን ሰለስተ ኣባላት ዝሓቖፈ ናይ ተቖፃፀርቲ ኮሚቴ ብምምራፅን ኣብቲ ማሕበር ልምዓት ትግራይ ትገብሮ ዘላ ምርብራብ ዓብዪ ተሳትፎ ከምዘድልን ብምርዳእ ጉባኤኡ ብዓወት ዛዚሙ።**

***ማሕበር ልምዓት ትግራይ ጨንፈር እንግሊዝ***